# ድምጺ ሓቂ ዝተዓወተሉ፡ ነጎድጓዳዊ ሰላማዊ ሰልፊ

"ካብ ዘረባ ከደምቲ፡ ድምጺ ብዙሓትን ሓቀኛታትን ይሰማዕ!" *ኤርትራውያን ነበርቲ ሽወደን*

ኤርትራውያን ነበርቲ ሽወደን፡ ነቲ ኣብ ልዕሊኦም ዝወርድ ዘሎ ምግሃስ መሰል ንምኹናንን ጠለባቶም ናብ መንግስቲ ሽወደን ንምቕራብን ዝዓለመ ሰፊሕን ዕዉትን ሰላማዊ ሰልፊ፡ ብዓርቢ 22 መጋቢት ኣካይዶም። ንሶም፡ ***"ተጻብኦን ጸለመን ኣንጻር ኤርትራዊ ማሕበረሰብ ደው ይበል፣ ፈነወ ሜዲያ ሽወደን፡ ፍትሓውን ሚዛንውን ይኹን፣ ምኽፋል 2% ግቡኣይን ፍታወይን ኢዩ፣ ኣብ ሽወደን ኣፈላላይ ኣይንቐበልን፣ መሰልና ይከበር..."*** ዝብሉን ካልኦትን ጭርሑታት እናቃልሑ፡ ንልዕሊ ሓደ ሰዓት ብእግሪ ተጓዒዞም፣ ኣብ ፊት ህንጻ ባይቶ ሽወደን ደው ብምባል፡ ጸውዒት **"ድምጽና ይሰማዕ!"** ኣቕሪቦም።

ኣቦ መንበር ኤርትራዊ ማሕበረሰብ ኣብ ሽወደን (ኤ.ማ.ሽ) ኣቶ ቢንያም ምስግና፡ ሰልፊ ዝገበርሉ ምኽንያት ክገልጽ ከሎ፡ እቶም ኣብ ቅዋም ሽወደንን ውዱብ ሕቡራት ሃገራትን ዝሰፈሩ ዓለማውያን መሰላት፡ ንኤርትራውያን-ሽወደናውያን ዝተነፍጎም መሰል ምእካብ፡ ምዝራብን ካልኦት ሲቪላዊ መሰላትን ንኸኽብሩ ዝጽውዕ ምዃኑን፣ ብፍላይ ድማ፡ ስቕታ ኣብ ጉዳይ ምቕጻል ሰለስተ ኤርትራውያን ማእከላት ንምኹናንን ቀላሕታ ኪግበረሉ ንምዝኽኻርን ገበነኛታት ኣብ ሕጊ ንኽቀርቡ ዝጠልብን ከም ዝኾነ ኣብሪሁ።

ኣቶ ቢንያም ምስ'ዚ ኣተኣሳሲሩ፡ ብመሰረት ጸውዒት ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ሽወደን፡ ኩሎም'ቶም ኣብ ሽወደን ዘጋጥምዎም ጸገማትን መፍትሒኦምን ኣመልኪቶም ከም ኣተዘራረቡ ብምግላጽ፡ እቲ ሚኒስትሪ፡ ጉዳይ ኤርትራውያን ናብ ኩለን መንግስታዊ ትካላት ሽወደን ኽመሓላልፎ ቃል ከም እተኣተወሎም ሓቢሩ። ወከልቲ ኤማሽ ብግዲኦም፡ ሽወደን ከም ኣባል ኤውሮጳዊ ሕብረት መጠን፡ ውሳነ ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣብ ምትግባር፡ ሓላፍነታዊ ተርኣ ክትጻወት ጸዊዖም። ንወኪል ሚንስትሪ ፍትሒ'ውን ተመሳሳሊ ሓበሬታ ከም ዝሃቡ ገሊጾም።



ካብ ተሳተፍቲ ሰልፊ፡ ነባሪ ሶልና ኣቶ ተኽለ መንግስተኣብ፡ ሰልፊ ኣብ እዋኑ ምትግባሩ፡ ንጹርን ዝተዓለመሉ መልእኽቱ ከም ዘመሓላልፍን ብምግላጽ፡ ወጽዓ ኤርትራውያን-ሽወደናውያን ህዝቢ ሽወደን ንኺፈልጦን ኪዝትየሉን ንምዝኽኻር፡ ካብ ትራፍ ሓዊ ማእከሎም ዝኾነ ንብረትን ፍርቀን ዝተቓጸላ ባንዴራ ኤርትራን ሽወደንን ሒዞም፡ ይጉዓዙ ምህላዎም ሓቢሮም።

ኣብ መዛዘሚ’ቲ ሰለፊ፡ ወከልቲ ናይ’ተን ዝተቓጸላ ሰለስተ ማእከላት፡ ምዕናው ማእከላቶም፡ ብዓቢኡ ኣብ ኤርትራውያን ቆልዑ ሃስያ ምውራዱ ዝገልጽ፣ ደቆም ካብ ወራሲ መንነት መስመሮም ከይእለዩን ብህጹጽ ቦታ ኪናደ ዝጽውዕን መልእኽቲ ኣቕሪቦም።

ኣብቲ ሓያል ቀዝሒ ዝነበረሉ ሰላማዊ ሰልፊ፡ ካብ ኩለን ማሕበረ ኮማት ስቶክሆልምን ከባቢኣን፡ ዝተፈላለያ ከተማታት ሽወደን፡ ጨናፍር ሃ.ማ.ደ.ኤ፡ ማሕበር ስንኩላንን ተመሃሮን ሽወደን ዝመጹ፡ ኣስታት **2500** ዝግመቱ ህዝቢ ተሳቲፎም። ጻዕቅን ንውሓት መስርዕን ተሳታፊ ህዝቢ ድማ፡ ኣብ መስመራት መጎዓዝያ ከተማ ስቶክሆልም ምድንጓያት ፈጢሩ ነይሩ።

*ሪፖርታጅ ይቕጽል...*



**ብርዕና** ዜናን ሓበሬታን
ስቶክሆልም